<u>ሰበር ዜና</u>

**ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ምስ ላዕለዋይ ልኡኽ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘትዩ።**

ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ካብ 1993 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ሃገርና ሰላምን ዴሞክራስን ንምስፋን ብዕጥቃዊ መንገዲ ቃልሲ ከካይድ ዝፀንሐ ኮይኑ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ብዘሎ ናይ ለውጢ ሃዋህው ግን ቃልሱ ብሰለማዊ መንገዲ ንምክያድ ከምዝወሰነ ዝፍለጥ እዩ።

በዚ መሰረት ድማ ነሓሰ 22/12/2010 ዓ.ም ብዳይረክተር ጀነራል ሃገራዊ ድሕንነት ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ጀነራል ኣደም መሓመድን ተወካሊ ቤት ጽሕፈት ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ ኣቶ ተፈራ ደርበውን ዝምራሕ ልኡኽ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ላዕለዎት መሪሕነት ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት)ን ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝተዛተዩ እንትኾኑ፣ ኣብ ርክቦም ድማ ዴ.ም.ህ.ት ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ውሽጢ ዓዲ ጠቕሊሉ ከም ዝኣቱን ቅድሚኡ ድማ ካልኣይ ርክብ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንኽካየድን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበፅሑ ፖለቲካዊ ቤት ፅሕፈት (ዴ.ም.ህ.ት) ኣፍሊጡ።

